## ሃገራውን ህዝባውን ልዑላውነትና ዝግህስ ዘሎ፡ ዘቤታዊ ጨቋኒ መንግስቲ ህግደፍ እዩ፡

ህዝብታት ኤርትራ ንሓምሳ ዓመታት ዝኣክል ሰላማውን ዓመጻውን ቃልሲ ብምክያድ፡ መጠነ-ከቢድ ኩሉ-መዳያዊ መስዋእትን ክሳራን ከፊሎም፡ ዝተፈላለየ ሓሳረ-መከራን ርእዮም ሃገራዊ ነጻነቶምን ልዕላውነቶምን ከም ዘረጋገጹ ሓቂ እዩ፡፡ ይኹን ዳኣምበር እዛ ብከቢድን ክቡርን ዋጋ መስዋእቲ ዝተረጋገጸ ነጻነትን ልዑላውነትን'ዚ ህዝብታትና ናብ ክብ ዝበለን ዝዓሞቐን ኩነታት ብምጥንኻር ተጠቀምቲ ክኾኑ ኣከኣሉን፡፡ ሃገራዊ ናጽነትና ስማዊት ተርእዮ ጥራሕ ብምዃን፡ ናይ ገዛእቲ ደርብታት ቦታን ስልጣንን ጠቕምን ምቅይያር ጥራሕ ኮይኑ እዩ ተሪፉ፡፡ እዚ ማለት ካኣ ባዕዳዊ መግዛእታዊ ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ ተወጊዱ፡ ብምልካዊ ጨካን ውልቀ መላኺ ስርዓት ህግደፍ ተቐይሩን ቀጺሉን፡፡

ህዝብታትና ብቃልሶም ልዑላውነቶም ብምርግጋጾም ኣብ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ዲፕሎማስያዊ ኣፍልጦን ድጋፍን ምርካቦም ኣወንታውን ኣገዳስን እኳ እንተኾነ፡ ኣብ መሰረታዊ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰሎምን ጥቕሞምን ምርግጋጽ፡ ሕግን ፍትሕን ምርካብን ምጥቃምን፡ ኤኮኖምያዊ ረብሐኦም ምርግጋጽን፡ ሰላምን ምርግጋእን ንውሽጦምን ምስ ከባቢኦም ህዝብታትን ሃገራትን ብምስፋን ብሰላምን ምክብባርን ምንባር ዘይምኽኣል..ወዘተ ዝኣመሰሉ ረቛሒታትን ጥቕምታትን ክረኽቡን ከውሕሱን ኣይከኣሉን፡፡ ስለ ዝኾነ ህዝብታትና ካብቲ ብባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዝወርዶም ዝነበረ ኩሉ መዳያዊ ጭቆናን ምዝመዛን ድህከትን ብዝበኣሰ መልክዑ ሕሰሞም እናረኣዩ ክመጹ ዝጸንሑን ገና ዝቕጽሉ ዘለዉን ውጺዓት ህዝብታት እዮም፡፡

መዓስ እዚ ጥራሕ፡ ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ ናብ ልዕሊ ጎረባብትና ኣሕዋት ህዝብታትን ሃገራትን ማለት፡ ምስ ሱዳን፡ የመን ጀቡቲ፡ ኢትዮጵያ፡ ብእናካየዶ ዝመጸን ዝቕጽሎ ዘሎን፡ ናይ ወራር ውግኣት፡ ኣብ ህዝብታትና ዝወረደን ገና ዝወርድ ዘሎን ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራታት ዋላ እኳ እዚ ገባቲ መንግስቲ ክሰትሮ እንተፈተነ፡ ኣብ ልዕሊ መንእሰይ ኤርትራ ዝወረደ ሞትን መቑሰልትን፡ ናብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ኣብ 1998 ዝኸፈቶ ውግእ ዝወረደ ክሳራ ልዕሊ **71.000** ምዃኑ ውሽጣዊ ሚስጥራዊ ሰነዳት ናይ መ/ህግደፍ ይሕብሩ፡፡ ውልቀ መራሒ ህግደፍ ንህዝቢ ክገልጾ ዝፈተነ ግን «ኣስታት **19.000**» ብምባል እዩ፡፡ ህግደፍ ነቲ ጭቡጥ ሓቂ ክሓብኦ ይፈትን ዳኣምበር ኣብ ነፍስ ወከፍ ስድራ ቤታት ኤርትራ ዝወረደ ሰብኣዊ ክሳራ ግን ሓቢእካ ዘይሕባእ ታሪኻዊ ክሳራ እዩ፡፡

ጸረ ህዝብን ጸረ ደሞክራስን መ/ህግደፍ ኣብዚ ዝጥቀስ ዘሎ ክሳራ ምብጻሕ ጥራሕ ከይተሓጸረ፡ ኣብ ወርሒ ሕዳር 2020 ዓ.ም ንህዝብን መንግስትን ትግራይ ንምድኻምን ንምብትታንን፡ ንዝሓደበሮ እኩይ ሕልሚ ንምግሃድ ክብል ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብምውዳይን ምውዳድን ናብ ልዕሊ ሓውና ህዝቢ ትግራይ ዝተኻየደ ኩሉ-መዳያዊ መጥቃዕቲ፡ ውጹዓት መንእሰያትና ኣብቲ ዘይምልከቶም ኣዕናዊ ውግእ ብኣስገዳድ ክሳተፉ ብምግባር፡ ኣብቲ ኩሉ ዓይነት ገበናት ምፍጻም ከም መሳርሒ ተጠቒሙሎምን፡ ብዙሓት ኣሻሓት መንእሰያት ኤርትራ ንኮንቱ ክሞቱን ክስንክሉን መዋድቕም ዘይተፈለጡን ኮይኖም እዮም፡፡

ናብ መንእሰያትና ዝወረደ ክሳራ፡ ካብቲ ገና ዘይተገለጸ ውሽጣዊ ግምት ናይቲ ኣረሜናዊ መንግስቲ ዝቀላቐሉ ዘለዉ ኣመትቲ ሓበረታት ብምብጋስ ክረአ እንከሎ፡ ካብቲ ኣብ **1998** ዘጋጠመ ሰብኣውን ንዋታውን ክሰራታት ልዕሊ ሰለስተ ዕጽፊ ክኸውን ከም ዝኽእል፡ እዚ ማለት ካኣ ኣጸጋጊዕካ ክረአ እንከሎ ልዕሊ **220.000** ዝበጽሕ ምዃኑ ናብ ሓቂ ዝቐረበ

ግምት ከዋሃብ ዝካኣል እዩ፡፡ እዚ ብዝሒ ሰብኣዊ ክሳራ እዚ ነቲ ናብ ለዕሊ ሱዳን፡ የመንን ጁቡትን ዘካይዶ ወራራት ዝወረደ ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራታት ከይሓወስና ማለት እዩ፡፡ ስለዚ ኣብዞም ዝተጠቕሱ ዓመታት /**1998ን 2020ን/** ናብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ኣብራሲ ወራራት ኣብ መንእሰያት ወገናትና ዝበጽሐ ክሳራ ዳርጋ **300.000** ዝበጽሕ ሰብኣዊ ሂወትን ምጉዳል ኣካልን ከሲርና ኢና፡፡

እቲ ዝወረደና ክሳራ ግን በዞም ዝጥቀሱ ዘለዎ ግዳያት ጥራሕ ዝግለጽ ኣይኮነን፡፡ እንታይ ዳኣ እዞም ግዳያት እዚኣቶም ዝመርሕዎምን ዝጥውርዎምን ዝነበሩ ስድራ-ቤታት ብዘይ ጠዋርን መራሕን ምትራፎም ብሳዕቤኑ ኣብ ቁጠባውን ማሕበራውን ሽግራት ተሸሚሞም፡ ናብ ተጸባይነት፡ ድኽነትን ዓጸቦን ተሳጢሖም ዘሕልፍዎ ዘለዉ ሽግራት'ውን ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ እዩ፡፡

ብሓጺሩ እዚ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ዝወርድ ዘሎ ኩሉ-መዳያዊ ጭቆናን ምዝመዛን ድህከትን ብዘቤታዊ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ'ምበር ብባዕዳዊ ጨቋኒ ሓይሊ ኣይኮነን፡፡ እዚ ወድዓዊ ሓቂ'ዚ ከምዚ ኢሉ እናሃለወ ግን ገለ ኤርትራውያን ኣባላት ደምበ ተቓወምቲ ኢና ዝብሉ ውልቀ ሰባትን ኣካላትን ነዚ ብሩህ ሓቂ ብምኽሓድ፡ መ/ህግደፍ

ኣብ ልዕሊ ህዝብታትናን ሃገርናን ዝኾነ ይኹን ወጽዓ፡ በደላትን ሽግርን ይፍጽም ከም ዘየለ ብዘስምዕ ቃና መግለጺ ክህቡ ይስምዑ ኣለዉ፡፡ ቀንዲ እዋናዊ ዕማሞም ገይሮም ዝገልጽዎ ዘለዉ ድማ፡ ምኽባር ልዑላውነት ኤርትራ ካብ ወራር ናይ ወያነ ምዃኑ፡ ካብዚ እምነት እዚ ብምብጋስ ካኣ ኣብ ጎኒ እቲ ልዑላውነት ሃገርና የውሕስ ኣሎ ዝብልዎ ውጹዕ ሰራዊት ህግደፍ /ኤርትራ/ ተሰሊፎም ክቃለሱ ድሉዋት ምህላዎም ካብ ዝህብዎ ዘለዉ መደናገሪ መግለጺታት ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ፡፡ እቲ ትኹረት ዝወሃቦ ናይ ተዓራቒ መግለጺኦም ድማ፡ ኢሳያስ ኣፈወርቅን ሓደ-ክልተ ዝኾኑ ናይ ቀረባ መሳርሕቱን እንተዘይኮይኖም፡ ህግደፍን ኩሎም መንግስታዊ መሓዉራቱን ጸገም ከም ዘይብሎም፡ ከም ትካላት ዝቕበሉዎም ምዃኖም፡ ምስኦም ብምዃን ናይ ህዝብን ሃገርን ልዑላውነት ንምዕቃብን ንምውሓስን ሓቢሮም ክቃለሱ ድሉዋት ምህላዎም ይሕብሩ ኣለዉ፡፡

ናይዞም ተዓረቕቲ ኣካላት ርእይቶ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ብመ/ህግደፍ ዝወርድ ዝኾነ ይኹን ጭቆናን ምዝመዛን በደላትን ኣድልዎን ዝፍጸም የለን፡ መ/ህግደፍ ጨቋንን ጸላኢን ኣይኮነን፡ ፈታዊ ህዝብን ሃገርን እዩ እዮም ዝብሉና ዘለዉ፡፡ ካብዚ ካሓዲ እምነት'ዚ ብመብጋስ ድማ፡ ነዚ ምስ መ/ህግደፍ ዘለዎም ናይ ምትዕራቕ እምነቶም ካብ ኣባላት ደምበ ተቓውሞ ብሓፈሻ፡ ካብ ኤሃባደለ ካኣ ብፍላይ ውልቀ ሰባትን ኣካላትን ዝድግፉ ከም ዘለዉ፡ ምስኦም እምነቶም ንምውህሃድ ክላዘቡ ከም ዝጸንሑን ክቕጽልሉ ምዃኖምን ይሕብሩ ኣለዉ፡፡ካብዚ ሓሊፎም፡ ምስ ገለ ኣባላትን ወከልትን ህግደፍ ዝኾኑ ኣብ ገለ ከባቢታት ኢምባሲታት ናይ ህግደፍ ዝርከቡ ናይ ምትዕራቕ ድሌቶምን መደቦምን ክዘራረብሉ ከም ዝጸንሑን ዘተባብዕ ኣሳልጦ ይረኽብሉ ምህላዎምን ከይሰግኡ ክገልጽዎ ይስምዑ ኣለዉ፡፡

እዚ ኣብ ደምበ ተቓውሞና ብሓፈሻ፡ ኣብ ኤሃባደለ ካኣ ብፍላይ ብገለ ኣካላት ዝቀላቐል ዘሎ ምስ ጸላኢ ናይ ምትዕራቕ ዝምባለ ዝጥቁሞ ነገር እንተሃለወ፡ ደምበ ተቓውሞና ተኣማሚኑን ተወሃሂዱን ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ መ/ህግደፍ ሰጢሙ ምቅላስ ዘይምብቅዑ ካብ ምምልኻት ሓሊፉ፡ ንላሕኩ ናይ ጸላኢ ክሳጣሕ ምጅማሩ'ውን ኢዩ ዝሕብር፡፡ እዚ ተርእዮ እዚ ካኣ ነቲ ብጸላኢ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ዝወርድ ዘሎ ኩሉ-መዳያዊ ጭቆናን ወጽዓን ድኽነትን ዓጸቦን ከም ዘየለ ኣምሲልካ ንምድብዛዙን፡ ናይ ኩሉ ዓይነት ወጽዓናን ጸገማትናን ጠንቂ ካብ ግዳም ዝመጽእ ናይ ወራር ሓደጋ ምዃኑ ኣምሲልካ ብምቅላሕ፡ ናይ ህዝብታትና ሃምን ቀልብን ንግዳምን ንግዳምን ጥራሕ ክቐንዕ ንምግባር እናጸዓሩ መስርሕ ክድዓቶምን ምስላሞምን ንምስላጥ እዩ፡፡

እዚ ዕላማን ሜላን እዚ ሓድሽ ዘይኮነስ ብቐንዱ እቲ ናይ ጸላኢ ዕላማን ዘካይዶ ዘሎ ኣብራሲ ፖለቲካዊ መደብን ኣካል ኣምሳል እዩ፡፡እዚ ናይ ዝነደዩ ተዓረቕትን ሓንፈሽትን ኣካላት ኣሉታዊ ፖለቲካዊ ንቕሎ'ዚ ብግዝያውነት ክጻወቶ ዝኽእል ኣሉታዊ ተራ እንተሃለወ፡ ኣብ ደምበ ተቓውሞና ብሓፈሻ ናይ ምጥርጣርን ምስኽኻፍን መንፈስ ክስዕርር ንምግባርን፡ ንጸላኢ ተወሳኺ ሞራልን ባይታን ንምፍጣርን እዩ፡፡ ብምዃኑ ድማ ደምበ ተቓውሞና ብሓፈሻ ነዚ ናይ ፖለቲካዊ ንዴትን ክድዓትን ንቕሎ እዚ ሓደገኛነቱ ብዕምቆት ብምድህሳስ፡ ንምብርዓኑን ንምውጋዱን ግዜ ከይሃበ ክርባረብ እዩ ዝግባእ፡፡

ብፍላይ ኤሃባደለ ኣብ ውሽጢ ግንባሩ ዝርአ ዘሎ ናይ ኣባላቱ ዝኾኑ ባእታታት ምስ ጸላኢ ንምትዕራቕ ዘርእይዎ ዘለዉ ሓንፋሽን በታንን እምንቶን ምንቅስቓስን፡ ቅድሚ ናብ ሳልሳይ ግንባራዊ ጉባኤኡ ምግባእ ኣብ ዘሎ ግዝያት ውሽጣዊ ግንባራዊ ጽሬቱ ከረጋግጽን፡ ነቶም ሓንፈሽትን ተዓረቕትን ኣካላትን ዝነደየ ስርዓት ህግደፍን ደሪቡ ንምውጋዶም ክረባረበሉ ዘለዎ ወቕቲ ሕጂ ምዃኑ ክንዝንግዕ ኣይግባእን፡፡

ኤሃበደለ ናይ ግንባሩ ውሽጣዊ ጽሬት ከየረጋገጸ ጉባኤኡ ከካይድ እንተመሪጹ ግን ከምቲ «መሕለቢኣን ዝተባህለስ መግለቢኤን» ዝብሃል ምስላ ኣቦው፡ ግንባራዊ ጉባኤኡ ከዐውት ኣይክልን እዩ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ እቲ ግንባር ናብ ሕሱም ምፍንጫልን ምብትታንን'ውን ክሳጣሕ ይኽእል እዩ፡፡ ስለዚ ከምቲ «ውሕጅ ከይመጸ መንገዲ ውሕጅ ጽረግ» ዝባሃል ምስላ፡ ደ/ተቓውሞና ብሓፈሻ፡ ኤሃባደለ ካኣ ብፍላይ ኣብ ውሽጦም ዝንጸባረቕ ዘሎ ናይ ክድዓትን ሕንፈሻን ዝምባለታት ብቃልሲ ብምውጋድ፡ ጽሬቱ ከየረገገጸ ግንባራዊ ምሕዝነታዊ ሓድነቱ ክዕወት ስለ ዘይክእል፡ ነዞም መሰረታውያንን ኣገደስትን ነጥብታት እዚኦም ንምዕዋት ተሪሩ ክቓለስ፤ ብተወሳኺ ነቶም መንገዲ ዕርቅን ክድዓትን ዝመርጹ ዘለዉ ኣካላት ድማ ሕልሞምን ውጥኖምን ንምብርዓን ተኣማሚኑን ተጊሁን ክቃለስ ኣለዎ ንብል፡፡

**ፍሽለትን ስዕረትን ንንዱያትን ተንበርካኽነትን!**
**ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ፡/ደ.ግ.ሓ.ኤ/**